# ሓዲሽ ታሪኽ

## ደወል ሓድነት.....

*ብገዛኢ ኪዳን*

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ደወል ተደዊሉ
ዕድለኛታት ኢዮም ኣብኡ ዝወዓሉ
ስምምዕ ተገይሩ ሓድነት ዝማእከሉ
ተስፋ ዝህብ ህዝብና ክሓልፈሉ
ግርም መድረኽ ግናይ ዝጠፍኣሉ።

ጸሎት ህዝብና ኣብ ሰማያት ዓሪጉ
ከምታ ጸሎቱ ከም ድልየቱ ባህጉ
ተንኮል ካብ ልቢ ነብሲ ወከፍ ጸሪጉ
በትሪ ተንኮል ንኹሎም ኣሕዲጉ
ሓድነት ማዕቢሉ ምፍልላይ ኣሪጉ።

ምህልላ ህዝብና ፈጣሪ ተቐቢሉ
ንጸሎቱ ንድልየቱ ኢዱ ኣንቢሩሉ
ኣቱም ውጹዓት ሃየ ተመስገን በሉ
ደጊም ቀሪቡ ኢዩ ህዝቢ ክወግሓሉ።

በሉ ተቐላጠፉ ባህጊ ህዝቢ ተግብሩ ፈጽሙ
ብሓድነት ብምክእኣል ንቕድሚት ሰጉሙ
ኩሉ ወዲ ሃገር ምእንቲ ሰላም ከወፊ ዓቕሙ
ድምጺ ውጹዕ ስምዑ ተንኮል ከይትኣልሙ
ደም ሰውኣት ከየብጽሕ መርገሙ
እሾኽ ኮይኑ ከይዋጋእ ዓጽሙ።

ምሁር ተስእ ግቡእካ ኣበርክት
ንምልኪ ኣነነት ጸኒዕካ መክት
ዓወት ዋዕላና ነዚ'ዩ ዘመልክት
ይኣኽለካ በሎ ተንኮላት ዝስንክት።

በሉ ሓድነትና ነባሪ ይግበሮ
ነቓዕ ከይርከቦ ረቢ ይስተሮ።

እግዚኣብሔር ኢዱ የንብረሉ
ንውጹዕ ይርአ ዝፈጠሮ ባዕሉ
ኣውያቱ ይስማዕ ነቲ ውጹዕ ቃሉ
ሓድነትና ይማዕብል ህዝቢ ክሓልፈሉ።

ኣ ሜ ን !!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!